(ብምኽንያት ዕረስቲ ሐርበኛ ብርሃነ“መግለጺ መሪር ሐዘን)



ወየ ዶ ኮይኑ ንብርሃነ ሱዳን ናው
ንወደቦይ ወልደገብሪኤል ንምፍናው
ኣይተሃወክን ዶ ኣቲ ዓለም መናው“

  

ጋዘጠኛ ዶ ክብለካ ምንጎኛ
ሐርበኛ ዶ ክብለካ ሐቀኛ
ተጣባቒ ነርካ ንኤርትራና“

ንድሕነት ብዙሐት ዝነጠፈ
ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ከየዕረፈ
ደኺመ ከይበል ዝጸሐፈ“

ብርሃነ ሱዳን ናው ልሳን ህዝቡ
ኤርትራዊ ንለኹመኛ ከይሃበ ኢዱ
ምልኪ ይፍረስ እንዳ ጨረሐ ከይዱ“

ወደቦይ ወልደገብሪኤል ፍትሐዊ
ወየ ንብርሃነ ሐርበኛ ኤርትራዊ
ክንዲ ህዝቡ ዓው ኢሉ ዘእዊ“

ጋዘጠኛ ብርሃነ በቲ ብሩህ ገጹ
ዘይከምቶም ወሰን ወሰን ዝመረጹ
እወ ንሃገራዊ ጥርናፈ ኣድሚጹ“

ንወዲ ሰብ እንተ ሃብካዮ ናቱ
እዝጊ ይፈቱ
ሐደ ካብቶም ብጽንዓቱ
ኣብ ስቶኮሎም ንስኒት ዝተማጎቱ
ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ዘዄወቱ“

ካብ ቶም ንድምጺ ብዙሐት ኣኽቢሮም
ሐደ ካብ ቶም ኢዶም ሐፍ ኣቢሎም
ብርሃነ ምስ ቶም ንስኒት ዝሃቡ ድምጽም“

ኣብ ስቶኮሎም ተኣኪብና ክንላዘብ
ተቃሊስካ ኣብ ሐደ መኣዲ ክንእከብ
ሞያኻ ብጉቡእ ይተንተን ይነበብ“

ወዲ ሰብ ኣይነብርንዩ ታሪኽ እንበር
ሐርበኛ ከሲርና እንታይ እሞ ይገበር
ወየ ሐርነት ክይረኣየ ኤርትራዊት ሃገር
ከምቶም ዝሐለፉ ኣብ ስደት ክቐበር“

ንመዋቲ ኣምላኽ ኣብ ገነቱ ይቀበልካ
ኣቓልቦ ብዙሐት ዝሰለበ ተበግሶኻ
ካብ ብልቦናኻ ብብቕዓትካ ዘድንቐካ
ንፍትሒ ንሐደ ዕላማ ተቓሊስና ምሳኻ
ሐርበኛ ብርሃነ ወየ እንዳበልኩ ክፋነወካ“

ንስድራ ቤቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም
ጸንዓት ንደለይቲ ፍትሒ ንኹልና ከማኹም
ሐርበኛታትን ዋዕሮታትን ተኻፈልቲ ሐዘንኩም

*ገጣሚ በርህ ዑቕባዝጊ ኣባል ተ.ሐ.ኤ ብሽምኩም“*

*ዘለኣለማዊ ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና“ኤርትራ ንኤርትራዊያን እንዳ ጨራሕና“ዕላማኹም ክነተግብሮ ክንቃለስ ኢና“ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ“ ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን።*